# ወርሒ መስከረም፣
# ደወል ንምዝዛም ቃልሲ ወለዶታት

ባሕቲ መስከረም ቃልሲ ኤርትራ ንናጽነትን መሰል ርእሰ-ውሳኔን ዝጀመረሉ ስለዝኾነ፡ ብፍሉይ ክንዝክራ ጸኒሕና። ኣብ 2001 ድማ፡ ወርሒ መስከረም ቃልሲ ኤርትራ ንምምርግጋጽ ብቅዋም ናይ ምምሕዳር መሰልና ዝተጓሃሃረሉ እዋን እዩ። ነዚ ቃልሲ ዘደንፍዑ ዝተፈላለዩ ኣገባባት ተጃውሞን ኣብያን ብምክያድ ድማ ክንዝክራ ጸኒሕና። እዚ ሓጺር ጽሑፍ እምበኣር ንታሪኻዊት ወርሒ መስከረም ኣጋጣሚ ብምግባር ዝተሰነደ እዩ። ቀንዲ ዕላማኡ፡ ኤርትራና ብቅዋም እትመሓደ ሃገር ንኽትከውን ዝግበር ቃልሲ ቀዳምነት ተዋሂቡዎ ኣብ ምዕዋቱ ዝለዓለ ሞራላውን ዜግነታውን ሓላፍነት ክንስከም ከምዘሎና ደጊምና ንምዝኽኻር እዩ። ብተወሳኺ እዚ ሰነድ፡ ነዛ ናይ ሎሚ ዓመት መስከረም ኣብ ትሕቲ ጽላል ናይ ሓባር ጭርሖን ንኹልና ብዘማእክልን ኣገባብ ንኽንዝክራን፡ መብጽዓና ንምዝዛም ቃልሲ ወዶታት ደጊምና ከነሓድስን ይጽውዕ።

## ሕቶ ቅዋማውነት

ምስግጋር ኤርትራ ናብ ቅዋማውነት ካብ ነዊሕ ኣትሒዙ ክስረሓሉ ጸኒሑ እዩ። ጎሊሑ ዝተራእየሉ እዋን ግን፡ እቲ ንኽልተ ዓመታት ዝቐጸለ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተካየደ ኣዕናውን ትርጉም ዘይብሉን ዶባዊ ኹናት ኣብ 2000 ብመገዲ ውዕል ሰላም ኣልጀርስ ሕጋዊ መዕለቢ ምስተገብረሉ እዩ። ብርግጽ፡ ምኽታም ውዕል ኣልጀርስ ንኤርትራና ናብ ሓድሽ መድረኽ ምዕባለ ንኽትሰጋገር ጽቡቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ'ዩ። ነቲ ንግዜኡ ደስኪሉ ዝጸንሐ መስርሕ ምስግጋር ኤርትራ ናብ ቅዋማውነት ድማ ንኽበራብር ኣኽኢልዎ እዩ።

ኣብቲ ኣገዳሲ መድረኽ፡ ሰላማውን ሕጋውን ተበግሶታት ብብዙሓት ዜጋታተ ተወሲዶም ኔሮም'ዮም። ተስፋ ዝህብ ውጽኢት ድማ ኣምጺኦም። ንኣብነት፡ ዓቀኑ ካብ ዝሓለፉ እዋናት ፍልይ ብዝብል መጠን፡ መሰረታውን በዳህትን ሃገራውያን ሕቶታት ኣብ ህዝባዊ ኣኼባታት፣ ብመገዲ ናይ ብሕቲ ጋዜጣታትን መርበባት ሓበሬታን ብሰፊሑ ናብ ህዝቢ ክቀርቡ ክኢሎም ኔሮም። ሃገራዊ ባይቶ ኤርትራ'ውን ንታሕሳስ 2001 ሃገራዊ ምርጫ ንኽካየድ ተሰማሚዑ። ሕጊ ምርጫ እትሕንጽጽ ኮሚቴ'ውን ኣቑሙ ኔሩ። ብሓቂ እቲ ግዜ'ቲ ኣብ ታሪኽ ኤርትራና ካብቶም ዝሓሹ፣ ግልጹነት ዝተመስከረሉ ብሩህ እዋናት ኮይኑ እዩ ዝዝከር።

ኮይኑ ግን፡ ካብ ሓደ መድረኽ ምዕባለ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ኣብ ትሰጋገረሉ እዋን ፖለቲካዊ ምስሕሓብ ከጋጥም ባህርያዊ እዩ። ነዞም ምስሕሓባት ብኸመይ ኣገባብ ትኣልዮምን ናብ ረብሓ ህዝቢ ትቕይሮምን ከኣ ርዝነትን ልቦናን ዝጠልብ እዩ። ስለዚ መስርሕ ምስግጋር ኤርትራ ናብ ቅዋማውነት ምስሕሓባት ከጋጥምዎ ናይ ግድን እዩ ኔሩ። ኣጋጢሞም'ውን። እቶም ምስሕሓባት ግን ብኸመይ ኣገባብ ተታሒዞም ካልእ ሕቶ እዩ።

ማንም ዘይክሕዶ፡ ብፕረሲደንት ኢሰያስ ዝምራሕ፡ ሓደ ጉጅለ ካብ ሓለፍቲ ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብ ክንዲ ኣብቲ ዝካየድ ዝነበረ ጻዕርታት ኣወንታውን ሃናጽን ተራ ዝጻወት፤ ተቀዳዲሙ ኣብ ልዕሊ እቶም ኤርትራ ብቅዋም እትመሓደርን ንኹሉ እትሓቑፍን ሃገር ንኽትከውን ኢሎም ንነዊሕ ዝጠመተ ሰላማዊ ጻዕሪታት ዘካይዱ ዝነበሩ 15 ላዕለዎት መራሕቲ ኤርትራና፣ ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ፣ ጋዜጠኛታት፣ ዓበይቲ ዓዲ፣ ነጋዶን ዝርከብዎም ብዙሓት

ግዱሳት ዜጋታት ኣዝዩ ዘሕዝን፣ ኣዕናዊ፣ ብቀሊሉ ዘይፍወስ፣ ልቦና ዝጎደሎ፣ ምስ ኤርትራዊ ባህልን ስነምግባርን ዘይሳነ፣ ጎነጻውን ዘይሕጋውን ስጉምቲ ምውሳድ መሪጹ።

በዚ መሰረት፡ ካብ 18 መስከረም 2001 ጀሚሩ፡ 11 ላዕለዎት መራሕቲ ሃገርን ካልኦት ምስ ሰላማዊ ጻዕርታቶም ተሓጋገዝትን ተመጻደቕቲን ዝኾኑ ዜጋታት ብዘይፍትሓውን ርትዓውን ኣገባብ ከም ዝሕየሩ ተጌሩ። እተን እግሪ ተኸሊን ልሳን ህዝቢን ዝነበራ ናይ ብሕቲ ጋዜጣታት ተዓጽየን። ኣሰናዳእተን'ውን ብዘይሕጊ ተሰዊሮም። ሃገራዊ ባይቶን ቤት-ፍርድን ደስኪሎም። "ኤርትራዊ ዜጋ ባዕሉ ብዘርቀቖን ዘጽደቖን ቅዋም ክመሓደር ዘይክእልን ዘይነቕሐን ህዝቢ!" ዝብል ስያሜ ተዋሂቡዎ። ብኸምዚ ኣገባብ እምበኣር ኤርትራ ብቕዋማ እትመሓደር ሃገር ንኽትከውን ተባሂሎም ዝተወስዱ ሰላማውያን ጻዕርታት ኣብ ወርሒ መስከረም 2001 ብጎነጽ ተደቍሶም ተሪፎም። ግን መን ረቢሑ?

## ቃጭል ተደዊሉ፡ ቃልሲ ተጓሂሂሩ

ብዙሕ ኣብ ደቂቕ ዝርዝራት ከይኣተና፡ ምስሊ ኤርትራ ድሕሪ ወርሒ መስከረም 2001 እንተወሲድና፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ናብራ እናጸበበን ተስፋ ዝኸልእል እንዳኾነን ክመጽእ'ዩ ጸኒሑ። ክብርን መሰረታዊ መሰልን ናይ ዜጋታት ንሓደጋ ተቓሊዖም። ደረት ዘይብሉ ኣስገዳድ ዕስክርና እምብዛ በዚሑ። ናይ ዓመጽን ተበላጽነትን ባህሊ ነጊሱ። ፍርሕን ራዕድን ኣመና ገኒኑ። ድኽነት ካብ ዝኸፍአ ናብ ዝገደደ ክኸይድ ጸኒሑን ኣሎን። ሲቪላዊ ምምሕዳራት ብወትሃደራዊ ተተኪኦ። ትምህርቲ ኣብ ወትሃደራዊ መዕስከራት ኮይኑ። ዋሕዚ ናብ ስደት ብዘገርም ቁጽሪ መዓልታዊ ኮይኑ። ጸጥታን ልዑላውነትን ኤርትራና ናብ ኣዝዩ ዘተሓሳስብ ደረጃ በጺሑ። ሰላምን ጸጥታን ዞባና'ውን ኣሰካፊ እንዳኾነ መጺኡ። ብርግጽ፡ ሳዕቤን ጎነጻውን ዘይሕጋውን ስጉምታት ኣብ ልዕሊ ቅዋምን መራሕትን ኤርትራና፡ ምስልና ኣደዊንዎ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንኤርትራዊ ክብርና፣ ሓድነትናን መንነትናን'ውን ኣብ ሓደጋ ከምዝወድቕ ጌርዎ ይርከብ።

ልክዕ እዩ፡ ኩሎም እቶም ድሃይ ዘጥፍኡ መራሕቲ ሃገር፣ ዓበይቲ ዓድን ጋዜጠኛታትን፡ ዋላ'ኳ ኣብ ፍርዲ ንኽቀርቡን ንኽፍትሑን ዝተፈላለዩ ጻዕርታትን ጻውዒትን ክግበር እንተጸንሐ፡ ክሳብ'ዛ ዕለት ግን ኣብ ፍርዲ ኣይቀረቡን። ስድርኦም'ውን ሃለዋቶም ናይ ምፍላጥ መሰሎም ተጋሂሱ ይርከብ። ዋላ'ኳ "ናህና ኣሰራርሓ ኣለና፤ ፍርዶም ቀሊል ኣይኮነን፤ ንዓና ኸአ ይቀርቡና!" ዝብሉ ናይ ኣሽካዕላል ዘረባታት ካብ ገለ ሰበ-ስልጣናት ከም ምኽንያት ክቀርቡ እንተጸንሑ፡ ገለ ካብኦም ግን ከምዝተሰውኡ'ዩ ዝፍለጥ። ኣብዚ ግን ኣዕጋቢ መልሲ ክዋሃቦም ዝግባእ መሰረታውያን ሕቶታት ኣለዉ። እዞም ተብዓት ዜጋታት ከንቱ ድዮም ተሰዊሮምን ተሰዊኦምን? ዘልዓልዎ ሕቶ'ኸ ትርጉም ዘይብሉ፣ ግዜኡ ዘይሓለወን ንድሌትን ረብሓን ኤርትራና ዘየንጸባርቕን ድዩ ኔሩ?

ሓቂ ክዝረብ እንተኾይኑ፡ ልክዕ ከምቲ ቕድሚ 45 ዓመታት ብሃጸይ ሃይለስላሴ ኣብ ልዕሊ ፌደራላዊ ቅዋምን ፓርላማን ኤርትራ ዝተወስደ ዘይሕጋዊ ስጉምቲ ንቃልሲ ኤርትራ ንመሰል ርእሰ-ውሳኔ ዘጓሃሃረ፤ ጎነጻዊ ስጉምቲ ኣብ ልዕሊ መራሕትናን ጋዜጠኛታትናን'ውን ንምርግጋጽ ብቕዋምና ናይ ምምሕዳር መሰልና ዝካየድ ቃልሲ ዘጎሃሃረ ታሪኻዊ መደረኽ እዩ። እወ! እዚ ጎነጻዊ ስጉምቲ ዘዘኻኽረና ነገር እንተነይሩ፡ ቅዋማውነት ብሰናይ ድሌትን ሰላማዊ ተበግሶታትን ጥራይ ዝረጋገጽ ዘይኮነስ፡ ጽንዓት ዝሓትትን ክቡር ዋጋ ዘኽፍልን

*ሓያል ቃልሲ ብምኽያድ ከነረጋግጾ ከምዝግባኣና ዘዘኻኽር ቃጭል ከሎ ጌና ብምድዋል ካብ ድቃስና ንኽንበራበር ኣኽኢሉና እዩ።*

*ብርግጽ፡ እዞም ደሃይ ኣጥፊኦም ዝርከቡ መራሕቲ ሃገርን ተብዓት ዜጋታትን፡ ክብርን መሰልን ብሓደ ጉጅለ ወይ ውልቀ-ሰብ ዝዕደል ዘይኮነስ፡ ብቃልሲ ጥራይ ከም ዝረጋገጽ ደጊሞም ኣዘኻኺሮምና። ሕጂ'ውን እንተኾነ፡ ዋላ'ኳ ካባናን ብዓቢኡ'ውን ካብ ደቆምን ስድራ-ቤቶምን ተፈልዮም እንተሃለው፡ ንነብሶም ከም ሽምዓ እንዳመኸኹ ንዓና ግን መብራህቲ፣ ብሩህ መጻኢ ተስፋን ቀንዲ መንኮርኮር ናይ ቃልስናን ኮይኖም የገልግሉና ኣለው። እዚኣቶም እምበኣር ሕማቕ ዘጋጠሞም ውጹዓት ዘይኮኑስ፡ ኣብቲ ዝግባእ መድረኽ ናይ ታሪኽና ብጋህዲ ፍትሒ ክጉዕጸጽ ትም ክብሉ ዘይመረጹን፡ ንቃልሲ ኤርትራ ንቅዋማዊ መንግስቲ ብቕጽበት ሰማይ ንኽዓርግ ዓቢ ተራ ብምጽዋት ዜግነታዊ ሓላፍነቶም ዝፈጸሙን እዮም።*

*ብሰሪ ተባዕ ጻዕርታቶምን ኣብ ልዕሊኦም ዝተፈጸመ ጎነጻዊ ዓመጽን፡ ብዙሕት ዜጋታት ከይፈርሑ ካብ መንግስቲ ናጻ ዝኾና ማሕበራት ክምስርቱ ተተባቢያም። ብዙሓት ካልኦት'ውን ሓሳቦምን ተቓውሞኦምን ዓው ኢሎም ክገልጹ በቒያም። ፖለቲካውያን ውድባት ሓይለን። ካልኦት ብዙሓት'ውን ተመስሪተን። ዕሙት ምእዙዝነት እናቐሃመ መጺኡ። ኣብያን ሕንጋደን ድማ እምብዛ ገኒኑ። ብርግጽ ኤርትራና፡ ካብ ሰላማዊ ጻዕርታቶም ረቢሓ እምበር ኣይተጎድአትን።*

*እዞም ተብዓት ዜጋታት እምበኣር ከሲቦም እምበር ኣይከሰሩን። ሓርበኛታት እምበር ግዳያት ኣይኮኑን። ስለዚ፡ ንዘበናት ኣብ ናይ ክብሪ ታሪኽ ዝዝከሩ ጀጋኑ ኤርትራ እዮም። ወርሒ መስከረም ድማ፡ በቲ ሓደ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንመሰል ርእሰ-ውሳኔ ዝጀመረሉ፡ በቲ ኻልእ ድማ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንምርግጋጽ ብቅዋም ናይ ምምሕዳር መሰል ዝተጓሃሃረሉ እዋን ስለዝኾነ፡ ኣብ ታሪኽና ፍሉይ ቦታ ሒዛ ትርከብ።*

## *<u>ቀዳምነት ንቅዋማውነት</u>*

*ምናልባት ገለ ሕልፍ ዝበለ ኣተሓሳስባ ዘለዎም "ብሰንኪ ፖሊሲ ኣመሪካ…ቻይና ድማ ስለዘይሓገዘትና…ወያኔ ስለዝሓንገደ…ሩስያ'ባ ኸምዚ ኾይና…ሶማል ድማ… ህዝቢ ኢትዮጵያ ኸኣ…" ዝብሉ ጓል መገዲ እንዳምጽኡ ኤርትራ ብቅዋም እትመሓደር ሃገር ንኽትከውን ዝግበር ጻዕሪ ካልኣዊ ደኣ'ምበር ቀዳምነት ከምዘይኮነ ከእምኑና ይፍትኑ ይኾኑ። ብኸምዚ ኣተሓሳስባ ድማ ንብዙሓት ክጸልው ይረአዩ። እዞም ከምዚ ዓይነት ኣተሓሳስባ ዘለዎም ሰባት ግን ሓደ መሰረታዊ ሓቂ ዝሰሓትዎ ወይ ኮነ ኢሎም ዝዘንግዕዎ ይመስሉ።*

*ታሪኽና ከም ዝምስክሮ፡ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነትን መሰል ርእሰ-ውሳኔን፡ ምረቃን ሓገዝን ሓያላን ወይ ጎረባብቲ ሃገራት ኣይተጸበየን። መርገጺኦምን ፖሊሲታቶምን ንክቕይሩ'ውን ክልምን ግዜኡ ኣየሕለፈን። ኣብዚ እዋን ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ኤርትራ ንቅዋማዊ መንግስቲ'ውን በዚ ጽኑዕ እምነት ዝቖመ እዩ። ሓያላንን ጎረባብትን ሃገራት ይደግፍዎ ይንጸግዎ ብዘየገድስ፡ ቃልሲ ኤርትራ ንቅዋማዊ መንግስቲ ክቕጽል እዩ። ኣብ መጠረሽታ ድማ ክዕወት ምኻኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ካብዚ ሓሊፉ ግን፡ ኣሜሪካ'ባ ዘርያትን…ወያኔ'ባ ከምዚ ጌሩና…ሩስያ ኣይሓገዘትናን…ዓለማት ጠሊመናና…ወዘተረፈ*

እንዳበልካ ምቑዛም ርእሰ-ተኣማንነት ምጥፋእ፣ ስረ ምፍታሕን ትሕቲ-ኤርትራውነትን እዩ። ስለዚ፡ ከምዚ ዓይነት ኣተሓሳስባ ብዘይቅድመኹነት ክብዳህን፡ ምሉእ ብምሉእ ድማ ክንጸግ ይግብኦ።

እምበኣርከስ፡ ኤርትራ ብቅዋም እትመሓደ ሃገር ንኽትከውን ዝግበር ቃልሲ ካልኣዊ ዘይኮነስ ቀዳምነት ተዋሂቡዎ ኩልና፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘለና ዋላ'ውን ኣብ ስደት፡ ኣብ ምዕዋቱ ተራና ኣለሊና ዝለዓለ ሓላፍነት ክንስከም ይግባእ። እታ ብቅዋም እትመሓደር ኤርትራ ኽኣ'ያ እታ ክንየ እዚ ጽልግልግ ዝብል ድነ ተደኾና ትርከብ። እዚ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ድማ ናብኣ ንምብጻሕ እዩ።

እወ! ነታ ዜጋታ'ታ ብዘይፍርሒ ዝንቀሳቀሱላ፣ ኣፍ ልቦም መሊኦም ሓሳቦም ዝገልጹላ፣ ሰሪሖም ከቢሮም ዝነብሩላ፣ ነጊዶም ናብራኦም ዝመርሑላ፣ ሓሪሶም ዝዕንገሉላ፣ ወለዲ ኣብ ምምራሕ ቤቶምን ደቆምን እኹል ናጽነት ዝረኽቡላ፣ ንመንእሰይ ፍቕርን ተስፋን እተስንቕ፣ ንዓበይቲ ብኣኽብሮት እትከናኽን፣ ኣብ ትሕቲ ጽላል ብህዝቢ ዝተመርጸን ንድሌት ህዝቢ ምርኩስ ብምግባር ዘምሓድርን ቅዋማዊ መንግስቲ እትመሓደር ኤርትራ ንምርግጋጽ ዝግበር ቃልሲ ይጽንሓለይ ዝበሃሎ ጉዳይ ኣይኮነን።

ወርሒ መስከረም እምበኣር ቃልሲ ኤርትራ ንምምርግጋጽ ብቅዋም ናይ ምምሕዳር መሰል ዘኳሃሃረት እዋን ስለዝኾነት'ዩ፤ ኣብ ዝሓልፉ ሒደት ዓመታት ዝተፈላለዩ ንቃልሲ ኤርትራ ንቅዋማዊ መንግስቲ ዘደንፍዑ ኣገባባት ተቛውሞን ኣብያን ብምኽያድ ክንዝክራ ዝጸናሕና። እዛ ናይ ሎም ወርሒ መስከረም'ከ ከመይ ጌርና ኣብ ትሕቲ ንኹልና ዝጥርንፍ መልእኽቲ፣ ጭርሖን ኣገባብን ንዝክራ?

እቲ መልሲ ንነፍስ-ወከፍ ዜጋ ዝሕደግ እዩ!

*ፈጻሚ ኮሚቴ*
*ኤ.ም.ዲ.ሰ.መ.*
*31 ነሓሰ 2007*